# ጥምረት ስድራቤት ዘይስገር ዕማም ማሕበርና እዩ!
# ማሕበረሰብ ኤርትራ ኤስሊንገን

ኤርትራዉያን ነባሮ ኤስሊንገን ከባቢኣን ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበሮም ተጠሚሮም ብምኽንያት ልደትን ሓድሽ ዓመትን ቀዳም 19.12.2009 ጥምረት ስድራቤት ዘይስገር ዕማም ማሕበርና እዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሓባር ኣምስዮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣቦና ቀሺ ዘርኦም ኣብርሃም መራሒ ኦርቶዶክሳዊ ቤተክርስትያን ስቱትጋርትን ከባቢኡን ተረኺቦም መደብ ብጸሎት ፈሊሞሞ፡ ንሰላምን ራህዋን ስኒትን ዘማዕደወ ብሩህ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ማሕበር ክዓቢን ክስዉድን ተመንዮም። ብህጻናት ዝተገብረ መዝሙር ልደትን ንወለዲ ዝምልከት ሃናጺ መልእኽቲ መጉሶም።
ንቐጻልነቱ ድማ ስሙር ጻዕሪ ኩሉ ዜጋ ከም ዘድሊ ኣዘኻኺሮም።ኣቦ መንበር ማሕበረሰብ ኤስሊንገን ብወገኑ ነዚ ዕለት'ዚ ኣመልኪቱ ቃል ሂቡ።ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ንዝተደጋገፉ ኣባላት ማሕበር ፍሉይ ናይ መተባብዒ ህያብ ዓዲሉ።

ንጥፈታት ትምህርቲ ብዝምልከት ብህጻናት ኣብ ክሊ ዕድመ 6 ክሳብ 13 ዝርከቡ ክልተ መዝሙር ልደት ከምኡ ድማ ሓንቲ ወለድና ነፍቐረኩም ብልቢ ነኽብረኩም ካልኣይቲ ኣቦኻዶ ኣዴኻ ንመኖም ተፍቅር ኣይትብሉኒ ንኽልቲኦም ማዕረ ፍቅሪ ኣሎኒ ዝብላ ልቢ ወለዲ ዝመሰጣን ሃነጽቲ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።ህጻናትን ወለድን ሓቢሮም ዝሰርሕዎ ናይ ልደት ሕብስቲ (ኬክስ) ድማ ተዓዲሎም።ናይ ፒሳ እንግዶት ተገይርሎም።ብሓቂ ዘተባብዕ ተበግሶን ተገዳስነት ወለዲ ብተግባር ኣንጸባሪቑ፡ ከምኡ'ዉን ሕቶታት ሓፈሻዊ ፍልጠት ንህጻናት ዓበይትን ተዳልዩ ብዙሓት ተሳቲፎሞ።ኣደታት ድማ ንኩሎም ናይ ምግብና ምድላዋት ዝገበሩ ህያብ ብምልጋስ ኣመስጊነን።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ካብ ትጽቢት ንላዕሊ ብዝኾነ ኣብ ኤስሊንገን ከባቢኣን ዝነብሩ ናይ ቀደም ተማሃሮ ማሕበረሰብ ሎሚ ዝጎበዙ ሳላ ማሕበር ቀዲሙ ዝመድመደሎም ባይታ ብምሉኦም እስር ቁጽር ኢሎም ተሳቲፎም።ብሓቂ ሓድሕዳዊ ዝምድንኦም ስጡም ምህላዉ ዘጉለሐ ተዘክሮታት ሕሉፍ ንጥፈታት ዘሐደሰ ሰናይ ምሸት።ንኩሉ ተሳታፊ ዘገረመ እንተነይሩ ወለዲ ክስዕስዑ እንክለዉ ዝዕዘቡ ጥራይ ዝነበሩ መንእሰያት ኣብ'ቲ ዕለት እቲ ግን ሕፍረትን ስክፍታን ወጊዶም ስምዒቶም ከይሓብኡ ምስ ወለዶም ወነንቲ መድረኽ ኮይኖም ክስዕስዑ ክረባረቡን ሃዋህዉ ናይቲ ምትእኽኻብ ኣብ ምድማቕን ምምዕራግን ልዑል ተራ ምጽዋቶም እዩ።

ከምኡ'ዉን ኣብ መፋርቕ 2009 ኣብ ሃገረ ስዉድን ኣብ ዝተኻየደ ፈስቲቫል ስፖርት ኤርትራ ንማሕበረሰብ ኤስሊንገን ወኪሎም ብስም ጋንታ ኣዳል ኤስሊንገን ተሳቲፎም ብምዕዋቶም ካብ ስዉደን ዝተላእኻ ክልተ ዋንጫታት ንጋንታ ኣዳልን ማሕበረሰብ ኤርትራ ኤስሊንገን ካብ ኢድ ኣቦ መንበር ማሕበረኮም ተዓዲሎም። ሰናይ ዓመት ብምምናይ ንዝነበረ መደብ ኣድንቖቱ ብምግላጽ ናይ ምስጋና ቃል ኣቕሪቡ።

ባህላዉን ዘመናዉ ሙዚቃ ጸወታ ምስ ኣብቀዐ ኮፍ ኢልካ በቢ እብረ ብመን ሕራይ ሃናጽን ኣዘናጋዕን ዘዛኒ ወግዕታት ተኻይዱ ፡ብሕጉስ መንፈስን ብምድፍናቕን ናይ ልደትን ሓድሽ ዓመትን በዓል ብሰላም ተዛዚሙ።

ጥዕናና ዘዉሕስ ፡መጻኢና ዘድምቕ ፡ጥርናፈና ዘፈርዝን ፡መንነትና ዝኹልዕ
ሰላማዊ ዓመት ይግበረልና።

ዓንደመስቀል ክንፈ ኤስሊንገን (ጀርመን)